*ኮሚሽን ኣህጉራዊ ናጽነት ሃይማኖት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (U.S. Commission on International Religious Freedom (USCIRF))፡ ካብ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ (ስተይት ዲፓርትመንት) ዝተፈልየን ርእሱ ዝኸኣለን ትካል እዩ። ብባይቶ ኣሜሪካ ዝተመስረተ ኾይኑ፡ ኣብ መላእ ዓለም ንዝሎ ሃይማኖታዊ ናጽነት ዚከታተልን ብዛዕባ ፖሊሲ ዚምልከት ለበዋታት ድማ ንፕረዚደንት፡ ጸሓፊ/ት ጉዳያት ወጻኢን ባይቶን ዘቕርብን ዘይሻራዊ፡ ምስ ዝኾነ ሰልፊ ርክብ ዘይብሉ ኣማኻሪ ኣካል መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እዩ። USCIRF፡ እዚ ለበዋታት ብመሰረት ኣብ ኣህጉራዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላትን ካልእ ኣህጉራዊ ሰነዳትን ኣብ ዝርከብ ሕጊ ብዘሰክመና ሓላፍነትን መምዘኒታትን ከምዝኸውን ይገብር። ዓመታዊ ጸብጻብ 2015፡ ነቲ ኣብ ባይታ ዝፍጸም ዓመጻት ዝሰንዱን ዘይሻራዊ ለበዋታት ፖሊስ ድማ ንመንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብዘቕርቡን ኮሚሽነራትን ክኢላታትን ንዘተኻየደ ዓመታዊ ስርሓት ዚምልከት እዩ። ሽሕ እኳ ድሕሪ'ዚ ገደብ-ግዜ ዝተፈጸመ ሓደ ሓደ ኣገደስቲ ፍጻሜታት ዝተጠቕሰ እንተኾነ፡ ዓመታዊ ጸብጻብ 2015፡ ካብ 31 ጥሪ 2014 ክሳዕ 31 ጥሪ 2015 ንዘሎ ንውሓት ግዜ ዚሽፍን እዩ።*

## ኤርትራ

**ቀንዲ ርኽበታት፡** ስሩዕ፡ ቀጻልን ዘሰካሕክሕን ጥሕሰታት ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ጥሕሰታት፡ ኣሰቃቒ ወይ ካልእ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ሃይማኖታውያን እሱራት፡ ክስታት ከይቀረበ ዚካየድ ናይ ሃውሪ (ምልካዊ) ማእሰርትን ቀይድታትን፣ ዝተናውሐ እገዳ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ህዝብን ምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ምዝጉባት ሃይማኖታዊ ጉጅለታትን የጠቓልል። እቲ ኩነታት ሃይማኖታዊ ናጽነት፡ ኣብ ወንጌላውያንን ጴንጠቆስጣውያንን ክርስትያናት ከምኡውን መሰኻኽር ጆሆቫ ብዓቢ ደረጃ ብፍላይ ዘጋጥም እዩ። መንግስቲ፡ ንውሽጣዊ ጉዳያት ናይታ ዝዓበየት ጉጅለ እምነት ክርስትያን ዝኾነት ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ኤርትራ ብዕብላለ ይቖጻጸር ከምኡውን ንሃይማኖታዊ ንጥፈታት ምስልምናን ብመንግስቲ ንዝተመዘዘ ሓላፊ ማሕበረ-ኮም ምስልምና ኣብ ዝቃወሙ ሰባትን ጸቕጢ ይገብር። ብመንጽር'ዚ ጥሕሰታት፡ USCIRF፡ ኤርትራ ብመሰረት ኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት (International Religious Freedom Act (IRFA))፡ ኣብ ዝርዝር "ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት" (“country of particular concern” ወይ CPC) ንኽትኣቱ ኣብ 2015 ደጊሙ ለበዋ ኣቕሪቡ። ካብ 2004 ጀሚሩ፡ USCIRF፡ ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር "ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት" ንኽትኣቱ ለበዋ ኣቕሪቡ፣ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ድማ ኣብኡ ኣእቲዋ ይርከብ፣ እቲ ኣብኡ ዝኣተወትሉ ቀረባ ግዜ ድማ ሓምለ 2014 እዩ።

### ድሕረ-ባይታ

ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቅን ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን (Popular Front for Democracy and Justice (PFDJ))፡ ኤርትራ ኣብ 1993 ካብ ኢትዮጵያ ናጽነት ካብ ዝረኸበትሉ ግዜ ጀሚሮም ንኤርትራ ይገዝእዋ ኣለዉ። ፕረሲደንት ኢሳይያስን ኣብ ናቱ ዓንኬል ዘለዉን፡ ፍጹም ስልጣን ዘለዎምን ንኹሉ ናጻ ንጥፈታት ድማ ጸቕጢ ዝገብሩን እዮም። ኣሽሓት ኤርትራውያን፡ ሓቀኛ ወይ ግምታዊ ተቓውሞ ንመንግስቲ ስለዝገበሩ ተኣሲሮም ይርከቡን፣ ስቓይን ጉዱድ ጉልበታዊ ስራሕ ንኽሰርሑንን ብሰፊሑ ይካየድን። ውልቃውያን ጋዜጣታት፡ ሰልፍታት ፖሎቲካዊ ተቓውሞ ወይ ናጻ ዘይመንግስታውያን ውድባትን የለዋን፡ ከምኡውን ናጻ ምትእኽኻብ ህዝቢ ዝተኸልከለ እዩ። መንግስቲ፡ እቶም ካብ 18 ክሳዕ 70 ዓመት ኣብ ዘለዉ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት፡ ንወተሃደራዊ ስልጠና ከምኡውን/ወይ ኣገልግሎት ዜጠቓልል ናይ ምሉእ ግዜን መወዳእታ ዘይብሉን ሃገራዊ ኣገልግሎት ንኽፍጽሙን የገድድ። ግዴታ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ነቶም ንውትህድርና ብሕልና ንዘይቕበሉ ሰባት ድማ ናጽነት ወይ ዝኾነ ኣማራጺ ዚህብ ኣይኮነን። ኣብ ሃገራዊ

ኣገልግሎት ዘይተሳተፉ ሰባት፡ ይእሰሩ፡ ከቢድ ጉልበት ኣብ ዝጠለብ ስራሕ ንኽሰርሑ ይፍረዱ፡ ዓመጽ ይበጽሖም፡ ከምኡውን ሕጋዊ ሰነዳቶም ይወርሰን።

መንግስቲ፡ ኣብ 2002፡ ነተን ብወግዒ ዝፍለጣ ኲለን ሃይማኖታት፥ ቀብጣዊ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ሱኒ ምስልምና፡ ሮማዊ ካቶሊካዊ ቤተክርስትያን ከምኡውን ምስ ሉተራን ዝምድና ዘለዋ ጉጅለ እምነት ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ዘየካትት ግዱድ ምዝገባ ንኽገብራ ተጸዕኖ ብምግባር ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት ዝገብሮ ቁጽጽር ከምዝዓቢ ገይሩ። እዚ ግዴታዊ ጠለብ'ዚ፡ እተን ተቐባልነት ዘይረኸባ ማሕበረ-ኮማት ሃይማኖት፡ ብዛዕባ ፋይናንስ፡ ኣባልነት፡ ንጥፈታትን ንሃገር ዝህቦ ረብሓን ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ንኽህባ ዜገድድ እዩ።

ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዘሎ ሃይማኖታዊ ዝምድናታት ብዚምልከት ዚእምን ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ የለን። ፒው ቻሪታብል ትራስት (Pew Charitable Trust)፡ ኦርቶዶክስ ክርስትያናት፡ ካብ መላእ ህዝቢ ብገምጋም 57 ሚእታዊት ዝሓዙ ክኾኑ ከለው፡ ኣስላም ድማ 36 ሚእታዊት፡ ሮማዊ ካቶሊካውያን 4 ሚእታዊት፡ ከምኡውን ንወንጌላዊት ሉተራን፡ መጥመቓውያን፡ ፕረስፒተርያን፡ መሰኻኽር ጀሆቫ፡ ጴንጤቆስጣውያንን ካልኦትን ድማ 1 ሚእታዊት ከምዝኾኑ ይግምት።

ማሕበረሰብ ባሃኢ፡ ፕረስፒተርያን ቤተክርስትያን፡ ቤተክርስትያን ሜቶዳውያንን ሻውዔቲ መዓልቲ ኣድቨንቲስታውያን፡ እቲ ሕጊ ምዝገባ ፊለማ ኣብ ዝተኣወጀሉ ግዜ፡ ነቲ ዝተጠልበ መመልከቲታት ብምሉእን ዘቕረባ እኳ እንተኾና፡ ጠለብ ግድነታዊ ምዝገባ ካብ 2002 ዝተገደደሉ ግዜ ጀሚሩ፡ ዝተመዝገበት ዝኾነት ጉጅለ እምነት የላን። ከም ውጽኢት ጠለብ ግድነታዊ ምዝገባን መንግስቲ ኣብቲ ዝቐረበ መመልከቲታት ዝወሰዶ ስጉምቲ ብዘይምህላዉን፡ እተን ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት፡ ጉባኤ ወይ መርዓታት ምክያድ ኣብ ዘጠቓልል ንእምነተን ብግልጺ ንኽኽተላ ዝኾነ ሕጋዊ መሰረት የብለንን። ኣንጻር ናይ'ቶም ኣባላት ዘይተመዝገባ ጉጅለታት እምነት ዘካይድዎ ሃይማኖታዊ ንጥፈታትት ዚግበር ጒስጓስ መንግስቲ፡ መብዛሕቱ ግዜ ኣብ ወንጌላውያንን ጴንጤቆስጣውያንን ክርስትያናት ከምኡውን ኣብ መሰኸኻኽር ጀሆቫ - እዚኦም ድማ ኣብቲ ጥቕምቲ 1994 ዚወጸ ኣዋጅ ፕረዚደንት፡ ዜግነት ዝተኸልኡ እዮም - ዚዓለመ እዩ። ሓይልታት ጸጥታ ኤርትራ፡ ኣብ ተሓቢእኻ ዚካየድ ኣኼባታት ጸሎትን ሃይማኖታዊ በዓላትን ኣብ ዝርከቦ እዋናት፡ ንሰዓብቲ እዘን እምነታት ብተደጋጋሚ ይኣስሩ እዮም።

## **ኩነታት ሃይማኖታዊ ናጽነት 2014-2015**

***ሰቓይን ካልእ ዓመጻትን፥*** መንግስቲ፡ ንፖሎቲካውያንን ሃይማኖታውያንን እሱራት ብቐጻሊ የሳቕን ይሃርምን፣ ሃይማኖታውያን እሱራት ድማ ኣብ ዝኸፍኤ ኣብያተ ማእሰርቲ ይእሰሩን ገለ ጭካነ ዝመልኦ መቕጻዕትታት ድማ ይቕበሉን። እቶም ዝተፈትሑ እሱራት ድማ ልዕሊ ዓቐን ምቕይያር መጠነ-ሙቐት ኣብ ዘለዎ ኣብ 20-ፊት ዓቐን ዘለዎ ናይ ሓጺን ኮንተይነራት ወይ ትሕተ-ባይታዊ ድፋዕ ኣብ ዝኣመሰለ እሱራት ዝተጨቓጨቕዎ ኩነታት ከምዝእሰሩን ንUSCIRFን ካልኦት ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ሓቢሮም። እቶም ካብ ማእሰርቲ ዝፍትሑ ወንጌላውያንን ጴንጠቆስጣውያንን፡ ናጻ ንኽልቀቑ ንእምነቶም ንኽኽሕዱ ጸቕጢ ይግበረሎም ከምዝኾነ ድማ ይሕብሩ። እቶም ብሰንኪ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ንሓጺር-ግዜ ይኹን ንነዊሕ-ግዜ ኣብ ኣብያተ-ቀይዲ ዝተቐየዱ ሰባት፡ ብወግዓዊ መገዲ ክሲ ኣይምስረተሎምን፣ ሕጋዊ ጠበቓ ክህልዎም ኣይፍቀደሎምን፣ ሕጋዊ መስርሕ ኣይካየድን ወይ ምብጻሕ ስድራ ኣይፍቀደሎምን እዩ። እሱራት፡ ዓው ኢሎም ንኽጽልዩ፡ ክዝምሩ ወይ ክሰብኩ ኣይፍቀደሎምን እዩ፣ ከምኡውን ሃይማኖታዊ መጽሓፍቲ ክልኩል እዩ።

***ሃይማኖታውያን እሱራት፥*** መንግስቲ፡ ንሰዓብቲ ዘይምዝጉባት ማሕበረሰባት ሃይማኖት ምእሳርን ምቕያድን ይቕጽሎ ኣሎ። እታ ሃገር ሓበሬታ ዘይብላ ዕጽውቲ ብምዃና፡ እቲ ትኽክል ብዝሒ እሱራት ንኽትፈልጦ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ እቲ እዋናዊ ግምታት ግን ብሰንኪ ሃይማኖታዊ ምኽንያታት፡ ካብ 1,200 ክሳዕ 3,000 ዝኾኑ ሰባት ኣብ ኤርትራ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ይሕብር፣ ካብቶም እሱራት እቶም ኣዝዮም ዝበዝሑ ድማ ወንጌላውያን ወይ ጴንጠቆስጣውያን ክርስትያናት እዮም። ጸብጻብ ናይቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ንሃይማኖታውያን እሱራት ዝበጽሕ ስቓይን ካልእ ዓመጻትን ብቐጻሊ ይውሃብ እዩ። እቶም ፍሉጣት ሃይማኖታውያን እሱራት፥ መንግስቲ ኣብ ጉዳያት ቤተክርስትያኑ ምትእትታው ብምግባሩ ተቓውሞ ዘሰምዑ ብመንግስቲ ካብ ስልጣኖም ዝወረዱን ካብ 2007 ጀሚሩ ድማ ኣብ ገዛ ተቐይዶም ዘለዉ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ኣቡነ እንጦንዮስ፣ እቶም ፍርዳዊ መስርሕ ከይተገብረሎም ተቐይዶም ዘለዉ 64 መሰኻኽር ጅሆቫ - ካብዚኦም ድማ ንልዕሊ 20 ዓመታት ተኣሲሮም ዘለዉ ሰለስተ ሰባት ይርከብዎም - (እቲ ዝርዝር ኣብ ጥብቆ ርኣይዎ)፣ ንሙፍቲ ማሕበረሰብ ምስልምና ኤርትራ ብመንግክቲ ኣብ ዝተሸሙሉ እዋን ስለእተቓወሙ ዝተቐየዱ ልዕሊ 180 ኣስላም፣ ከምኡውን ካልኦት ንተሓድሶ ዝዓዩ ኣባላት ክህነት ኦርቶዶክስ ይርከብዎም። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሕክምናዊ ክንክን ስለዝተኸልኡ ወይ ካልእ ክፉእ ኣተሓሕዛ ስለዝተገብረሎም ዝሞቱ ሃይማኖታውያን እሱራት ከምዝነበሩ ጸብጻባት ይሕብር።

***ጸቓጢ ኩነታት፥*** መንግስቲ፡ ንምሻም ሃይማኖታውያን መራሕትን ምክትታል ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ንዘጠቓልል ውሽጣዊ ኩነታት እተን ፍሉጣት ኣርባዕተ ሃይማኖታት ይቖጻጸር እዩ። እተን ፍሉጣት ጉጅለታት ሃይማኖት፡ ጸብጻብ ንጥፈታት ኣብ ነፍስወከፍ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ንመንግስቲ ከቕርባ ይግደዳ እየን። ካብ ታሕሳስ 2010 ጀሚሩ፡ ክፍሊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ኤርትራ፡ እዘን ጉጅለታት ሃይማኖት፡ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝርከባ መሻርኽቲ ሃይማኖታት ምወላ ንኸይቀበላ ከምዝእዝዘን ብቕሉዕ ይሕበር፣ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ብእኡ ከምዘይትምእዘዝ ብግልጺ ዝሕብር ትእዛዝ ኣሎ። ዝተገብረ ተቓውሞ ህዝቢ ብዘየገድስ፡ ክፍሊ ሃይማኖታዊ ጉዳያት፡ ንሙፍቲ ማሕበረኮም ምስልምና ኤርትራ ባዕሉ ሸይሙን እቶም ነዚ ሹመት ዝተቓወሙ ኣማኢት ኣስላም ክሳዕ ሕጂ ተቐይዶም ይርከቡን። ኣንጻር’ዚ ፖሊሲ ድማ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ 2010 ካብተን ዝተመዝገባ ማሕበረሰባት ሃይማኖት ንዝኾኑ ኩሎም ኣባላት ክህነት፡ ዘርእይዎ ህልናዊ ተቓውሞ ብዘየገድስ ኣብ ሃገራዊ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ንኽሳተፉ ኪእዝዝ ጀሚሩ። ኣብዚ ናይ ጸብጻብ ግዜ፡ ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝበጽሑ ሰበ-ስልጣናት ኤርትራ፡ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኣባላቶም ብመንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝተፈቕደሉ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ጥራይ ንኽሳተፉ ጸቕጢ ከምዝገበሩሎም፡ USCIRF ጸብጻብ ተቐቢሉ እዩ።

**ፖሊሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ**

ኣብ መንጎ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤርትራን ዘሎ ዝምድና፡ ሕማቕ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዘሎ ሰብኣዊ መሰላትን ነዊሕ ግዜ ዚወሰደ ግጭት ምስ ኢትዮጵያ ዝርከቦ ኣብቲ ኸባቢ ብዛዕባ እትፍጽሞ ተግባራትን ዚምልከት ስክፍታ ከምዘለዎ ንነዊሕ እዋን ገሊጹ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 2005 ንUSAID ካብቲ ሃገር ከምዚወጽእ ገይሩ፣ ኣብታ ሃገር ዝነበረ ፕሮግራማት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ድማ ኣብ ዓመተ-2006 ከምዘብቅዕ ኮይኑ። ኤርትራ፡ ንምዕባለ፡ ሰብኣዊ ወይ ጸጥታዊ ሓገዝ ብዚምልከት ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣይትቕበልን ኣላ። ካብ 2010 ጀሚሩ፡ እቲ መንግስቲ፡ ናብታ ሃገር ዝተመዘዘ ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንኸይቕበል ብወግዒ ነጺግዎ ይርከብ፣ ከም ኣምሳያኡ ድማ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንወረቓቕቲ ስራሕ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሰሪዝዎ።

ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ክዘራረቡ ከለዉ፡ ንጥሕስት ሃይማኖታዊ ናጽነት ብተደጋጋሚ የልዕሉ እዮም። ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንቦታ-ስራሕ ፍሉይ ተኸታታሊ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ብዕዉት መገዲ ከምዝቐውም ንዝገበረ ኣብ 2012 ብቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ንዝተዋህበ ውሳኔ ሓባራዊት መዋሊት ነይራ። ኣብ ሓምለ 2014፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንሱርዕ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ብምምርማር፡ እቲ ዅነታት ብኸመይ ኪመሓየሽ ከምዝለዎ፡ ተሓታትነት ብኸመይ ከምዝህሉ፡ ኽምኡውን ኣብታ ሃገር ብዛዕባ ዘሎ ኩነታት ዚምልከት ብኸመይ ኣፍልጦ ከምዝዓብን ለበዋ ንኸቕርብ፡ ኮምሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ንኺቐውም ደገፋ ሂባ። እዚ ኮሚሽን'ዚ፡ መጽናዕቲ ንኽካይድ ናብ ኤርትራ ንኽኣቱ ዘይተፈቕደሉ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ወጻኢ ምስ ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ስደተኛታት፡ ክኢላታትን ካብታ ሃገር ወጺኦም ምስ ዘለዉ ተጣበቕቲ ሰብኣውዊ መሰላትን ርክብ ይገብር እዩ። እቲ ናይ መወድእታ ጸብጻቡ ድማ ሰነ 2015 ኪወጽእ እዩ።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ መስከረም 2004 ብመሰረት IRFA ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ከምእትኣቱ ገይሩ። ንዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ኣብ መስከረም 2005ን ጥሪ 2009ን ኣብ ዝሓደሰሉ እዋን፡ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ ኣዋጅ ቁጽጽር ምልኣኽ ኣጽዋር (Arms Export Control Act) ተሓቢሩ ዘሎ ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ምክልኻል ብዚምልከት ንግዳዊ ምልእኣኽ ንኽይህሉ ሓቢሩ፣ እዚ ግን ንገለ ኣቑሑ ኣይምልከትን እዩ። መንግስቲ ኣሜሪካ፡ ክፉእ ማእሰርትን ቀይድን ኣባላት ክህነትን ተራ ኣባላት'ተን ዝተኸልከላ ጉጅለታት ሃይማኖት ዝርከቦ 'ተን ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ጉጅለታት ብኡንብኡ ኣሐይልዎ። ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ማለት ሓምለ 2014 ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ደጊሙ ኣእቲዋ ኣሎ፣ ከምኡውን ሽሕ እኳ ካብ 2011 ጀሚሩ እዚ ማዕቀብ ብመሰረት ብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 1907 (ኣብ ታሕቲ ርኣዩ) እንተኾነ፡ ፕረሲደንታዊ ስጉምቲ ማዕቐብ ኣጽዋር ግን ይቕጽል ኣሎ።

ንኤርትራ ዚምልከት ፖሊስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ንኽይረጋጋእ እቲ ሃገር ኣብ እትካይዶ ንጥፈታት ድማ ዜተኮረ እዩ። ኣብ ታሕሳስ 2009፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኤርትራ ንዕጡቓት ጉጅለታት ሶማልያ ደገፍ ብምሃብን ምስ ጅቡቲ ግጭት ድሕሪ ምግባራ ንሰራዊታ ካብ ዶብ ኤርትራን ጅቡትን ብዘይምንስሓባን፡ ንኤርትራ ዚቐጽዕ ብይን 1907 ንዝርዓማ ዝበዝሓ ሃገራት 13-ኣባላት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ተጸምቢራተን። እቲ ማዕቀባት፡ ንእገዳ ኣጻዋር፡ ምውሳን መገሻታትን ምድስካል ንብረት ፖሎቲካውያንን ወተሃደራውያንን መራሕቲ መንግስትን ኣብ ማዕቀባት ሶማልያ ብዚከታተል ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዝተፈልጡ ካልኦት ውልቀሰባትን የጠቓልል። ኣብ ሚያዝያ 2010፡ ፕረሲደንት ኦባማ፡ ንንብረትን ረብሓ ንብረትን'ቶም ኣብ ጉዳያት ሶማልያ ኣመልኪቱ ምስ ፕረሲደንት ኤርትራ ዝሰርሕ ዝነበረ ሓላፊ ፖሎቲካዊ ጉዳያትን ዝለዓለ ኣማኻርን የማነ ገብረኣብ ንዝርከቦም ነቶም ኣብ ሶማልያ ዝርከብ ኣልሸባብ ንዝመወሉ ሓያሎ ውልቀሰባት ከምዚዕጾ ዝገብር ውሳኔ ላዕለዋይ ሓላፊ 13536 (Executive Order) ሂቡ። ኣብ ታሕሳስ 2011፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሚሪካ፡ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ንብይን ማዕቀባት 1907 ንኽተግብራን እቲ ምስ ኢንዱስትሪ ማዕድን ኤርትራ ዝግበር ውዕላት ነቲ ከባቢ ንዘናዕብ ንጥፈታት ደገፍ ከምዘይህብ ንኽረጋግጻን ዚጸውዕ ብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 2023 ብምቕባል ድምጺ ሂባ።

ብይን ሕቡራት ሃገራት 1907፡ "ናብ ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉጅለታት ንኺመሓላለፍ ተባሂሉ ኣጽዋራትን ንዕኡ ዚመስል ኣቑሕን ምዕዳግ ንዝኣመሰለ ዕላማታት" ከምዚውዕል ስለእተገንዘበ፡ እቶም ካብ ሃገሮም ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ንዝኽፍልዎ ክልተ-ሚእታዊት ግብሪ ኤርትራ ይቃወሞ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ንድኹም ቁጠብኡ ንምሕያልን ንሃገራዊ ምክልኻል ንምምዋልን በዚ ዚእከብ ግብሪ ብዓቢ ደረጃ ይሙርኮስ። ሰበ-

ስልጣናት ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ፡ ጉጅለ ምክትታል ሶማልያን ኤርትራን ሕቡራት ሃገራት፡ ከምኡውን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካልኦት ሃገራትን ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ እቶም ነዚ ግብረ'ዚ ዘይከፍሉ ሰባት፡ ስግኣት፡ ምፍርራህን ጸቕጥን ከምዘጋጥሞምን ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ስድርኦም ድማ መጥቃዕቲ ከምዝበጽሖምን ጸብጻብ ሂቦም። ኣብ 2011፡ ዩናይትድ ኪንግደም፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ንዘተኮረ ውዕል ሸይና ከምዝጥሕስ ብምግላጽ፡ ምእካብ'ዚ ግብረ'ዚ ኣወንጺፋቶ። ኣብ 2012፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ካብታ ሃገር ክትሰጐ ምኽና ካናዳ ድሕሪ ምፍርራሃ፡ እቲ ኣብ ኦታዋ፡ ካናዳ ዝርከብ ቆንስል ኤርትራ፡ ግብሪ ምእካብ ደው ንኽብሎ ተሰማሚዑ። እዚ ስጉምቲ'ዚ ድማ ንብይን ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 1907 ብምምእዛዝ፡ ንወተሃደራት ኤርትራ ምምዋል ዘይሕጋዊ ምኻኑ ንምርግጋጽ ምስ ዝግበር ጻዕርታት ካናዳ ዚሳነ እዩ። ሆላንድን ጀርመንን፡ ኣብ ግዝኣትን ንዝእከብ ናይ ወጻእተኛታት ግብሪ ጠጠው ንኽብላ ይሓስባ ኣለዋ።

**ለበዋታት**

ኣንጻር ፖሊሲታትን ተግባራትን መንግስቲ ኤርትራ፡ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ጥሕሰታት ሃይማኖታዊ ናጽነት ጠጠው ንምባል፡ ማዕቐባት ብምግባር ሃይማኖታዊ ናጽነትን ካልእ ክልተኣውን ብዙሕኣውን ጻዕርታት ብምሕያል ቅጽበታዊ ምምሕያሻት ንኺመጽእ ክጽዕር ይግባእ። ኣብ ርእሲ'ቲ መንግስቲ ኣሜሪካ፡ ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ምእታው ንኺቕጽሎን ነቲ ኣብ 22 CFR 126.1(ሀ) ተጠቒሱ ዘሎ ኣብዚ ኣዋን'ዚ ኣብ ተግባር ውዒሉ ዘሎ እገዳ ኣጽዋር ከምዘለዎ ኪቕጽልን ለበዋ ምቕራብ፡ USCIRF ድማ መንግስቲ ኣሜሪካ ከምዚ ዚስዕብ ንኽገብር ለበዋ የቕርብ፥

- መንግስቲ ኤርትራ፥ ንፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኣቡነ እንጦንዮስ ንዝርከብዎም ነቶም ንሃይማኖታዊ ንጥፈታት ብሰላም መገዲ ዘካይዱ እሱራት ብዘይ ምኽንያትን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜን ከውጽእ፤ ንናጽነት ሓሳባት፡ ሕልናን ሃይማኖትን ውሕስነት ንዚህብ ቅዋም ኣብ ግብሪ ከውዕል፤ ሃይማኖታውያን ጉጅለታት ብወለንተኤን ምዝገባ ንኺገብራ ንኽሰርሓን ነተን ኣብ 2002 ዝወጸ ጠለባት ንኽምእዘዛን፡ ነዘን ጉጅለታት ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ኽመዝግብ፤ ከምኡውን ብኮሚሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ፍሉይ ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ፍሉይ ተሓላቒ ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ሃውሪ ቀይዲ ዚከታተል ጉጅለ ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን ወግዓዊ ዕድመ ንኺገብር ዲፕሎማስያዊ መስመር ምጥቃም ኺቕጽሎ፤

- ነቶም ንብይን ሕቡራት ሃገራት 1907 ንዝጥሕሱ ከምኡውን/ወይ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምስ ዝግበር ምእካብ ግብሪ ወጻእተኛ ዚተኣሳሰር ዓመጻት ሰብኣዊ መሰላት ንዝነጥፉ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ እገዳ ቪዛ ብምግባር፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ካብ ዝቕመጡ ዘለዉ ኤርትራውያን ንግብሪ ወጻእተኛ ንኽእከብ ተጽዕኖን ጸቕጥን ናይ ምግባር ተኽእሎ ብመንግስቲ ኣሜሪካ ከምዝውሰን ንኺኸውን ኪሰርሕን ተመሳሳሊ ግዱድ ምእካብ ግብሪ ንኽእግዳ ምስተን ማሕበረኮም ኤርትራ ዝርከብወን ካልኦት ሃገራት ሽርክነት ኪፈጥር፤

- ምስ ኵለን ማሕበረሰባት ሃይማኖት ኤርትራ ንዝግበር ዘተ ንምስላጥ ብኣሜሪካውያንን ኣህጉራውያን ሃይማኖታውያን መራሕቲ ምብጻሕ ንኺግበር ብምትብባዕ፡ ብዛዕባ ጉዳያት ሃይማኖታዊ ናጽነት ብዚምልከት ምስ ሰበ-ስልጣናት ኤርትራ ዘይወግዓዊ ዘተ ንኺህሉ ከተባብዕን፤ ከም ፕሮግራም ፉልብራይት (Fulbright Program)፡ ፕሮግራም ኣህጉራዊ ምብጽጻሕን (International Visitor Program) ኣሜሪካውያንን

ክኢላታትን ምብጽሓት ብምግባር ኣስተምህሮታት ዝኣመሰለ ትምህርታውን ባህላውን ተሞክሮታት ምልውዋጥ ከምዜፍሕ ኪገብር፣

- ኣብ ኤርትራ ንዚፍጸም ጥሕሰት ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣተኩሮ ንምሃብን ንፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኣቡነ እንጦንዮስ ንዝርከብዎም ሃይማኖታውያን እሱራት ብዘይኩነታውን ብህጹጽ መገድን ንኺወጹ ንምጥባቕ፡ ብፍላይ ምስተን ኣብ ኤርትራ ናይ ማዕድን ስራሕ ምስ ዝሰርሓን ማሕበረ-ኮማት ኤርትራ ብብዝሒ ዘለወንን ካልኦት ሃገራትን ኪሰርሕ፣

- ነቶም ብሰንኪ ስቓይን ካልእ ዓይነት ክፉእ ኣተሓሓዛን ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ጸገማት ንዘጋጠሞም ስደተኛታት ኤርትራ ደገፍ ንምሃብ፡ ንቤት ጽሕፈት ሳዕለዋይ ተጸውዒ ስደተኛታትን ዘይመንግስታውያን ውድባትን ንዚውሃብ ሓገዛት ከሐይል።